## › መርመራ ንመን ይምልከቶ?

- ዝኾነ **ምስ** ተላባዒ ሕማም TB ዘለዎ **ሕሙም ርክብ ዝነበርዎ ሰብ.**

- ብሰንኪ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ወይ መነባብረኦም ወይ ስራሖም **ንሕማም TB ከማዕብሉ ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት።**



## › እንታይ ዓይነት ሕክምና የድሊ?

- **ኣብ ደረጃ ምልካፍ ብማለት በቲ ባክተርያ እንተተልኺፍና ጥራሕ (ዘይሓመምና ግን)**
  እቲ ዶክተር ነቲ ሕማም ንኽይምዕብል መኸላኸሊ ሕክምና ንኽንክታተል ክገብር ይኽእል እዩ። ሕሙም ሰለዘይኮንና እዚ ሕክምናዊ ረድኤት ነቲ ዝተራእየ ረክሲ ንምፈዋስ ዘይኾነ ነቲ ሕማም ንመጻኢ ግዜ ንኽይምዕብል ንምግታእ እዩ ዝሕግዝ. መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መዓልቲ ሓደ ወይ ክልተ መድሃኒት (ጸረ-ነፍሳት - ኣንቲባዮቲክስ) ንወስድ (INH - Nicotibine® ወይ RMP -Rifampicine® ወይ ክልተኦም). እዚ መድሃኒት ን3 ከሳብ 6 ወርሒ ንወስዶ።

- **ኣብ ደረጃ ሕማም ብማለት እንተደኣ እቲ ምልካፍ ጥራሕ ዘይኾነ እቲ ሕማም ተረጋጊጹ**
  ክንከናኽን ኣድላይ እዩ።
  እቲ ናይ ሕክምና ግዜ ነዊሕ ዝበለ እዩ። ብውሕዱ ንሽዱሽተ ወርሒ መዓልታዊ ዝተፈላለዩ መድሃኒታት (ኣንቲባዮቲክስ) ክንወስድ ኣለና.
  ብግቡእ መድሃኒታት ተኽታቲልና እንተወሰድና ዝበዝሑ ሰባት (ዳርጋ 100%ካብ ሕመምቲ) ብምሉእ ክንፍወስ ንክእል.



## ክትውከሱና ምስ እትደልዩ፥


ማሕበር ንሕማማት ምስትንፋስ
Fonds des Affections Respiratoires asbl

› **ኣድራሻ ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት**
Rue Haute, entrée 290 - 807A
1000 Bruxelles
Tél.: 02 512 29 36 - Fax : 02 511 14 17
prevention.tuberculose@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልኻል ዓባይ ሰዓል (TB) - ብራሰልስ (Bruxelles)**
Tél.: 02 538 05 95
cpt.bruxelles@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልኻል ዓባይ ሰዓል (TB) - ሄኖ (Hainaut)**
Tél.: 071 31 35 04
cpt.hainaut@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልኻል ዓባይ ሰዓል (TB) - ሊየጅ (Liège)**
Tél.: 0474 57 16 98 / 0474 57 17 24
cpt.liege@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልኻል ዓባይ ሰዓል (TB) - ሉክሰምቡርግ (Luxembourg)**
Tél.: 0474 57 17 28
cpt.luxembourg@fares.be

› **ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት ምኽልኻል ዓባይ ሰዓል (TB) - ናሙር ን ብራባንት (Namur et Brabant Wallon)**
Tél.: 0474 57 17 10 / 0476 96 28 27
cpt.namur-brabantwallon@fares.be


FARES
Fonds des affections respiratoires asbl


Plus d'infos sur
**www.fares.be**

vivalis.brussels INAMI Wallonie Relance AVIQ


Éditeur responsable : Pr. Van Vooren, FARES asbl. D/2020/5052/1
Illustrations : Christian Papazoglakis – Layout: www.cdcsasbl.be – Version septembre 2025


TIGRINYA

# ብዛዕባ ሕማም ዓባይ ሰዓል (TB) ዘይትፈልጥዎም ሓበሬታታት




FARES
Fonds des affections respiratoires asbl

## › ሕማም ዓባይ ሰዓል (ቱበርኩሎሲስ ወይ TB) እንታይ እዩ ?

ሕማም ዓባይ ሰዓል (ቱበርክሎሲስ ወይ TB) ብ 'Koch's bacillus' (BK) ብዝበሃል ማይክሮብ (ባክተርያ ማለቲ) ዝፍጠር እዩ።
እዚ ሕማም መብዛሕትኡ ግዜ ንሳንቡእና እዩ ዘጥቕዕ እምበር ሓደ ሓደ ግዜ ግን ንዝተፈላለዩ ክፋላት ኣካልና ክበጽሕ ይኽእል እዩ : ኣዕጽምቲ, ማዓናጣ, ኩሊት, ሓንጎል, ወዘተ...

## › መን እዩ በዚ ሕማም ክጥቃዕ ዝኽእል?



ናይ ሳንቡእ TB ተላባዒ ሕማም እዩ.፤

ዝሓመመ ሰብ ክዛረብ ወይ ክስዕል ወይ ክህንጥስ ከሎ እቲ ኣብ ውሽጢ ሳንቡኡ ዝጸንሐ ባከተርያ (BK) ናብ ኣየር ስለዘወጽኦ, እቶም ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ናቱ ባክተርያ ውን ክተንፍሱ ይኽእሉ.

ስለዚ ዝኾነ ሰብ ክልከፍ ይኽእል. እንተኾነ ግን ገለ ሰባት በቲ ሕማም ብቐሊሉ ኽልክፉ ይኽእሉ : ምስቲ ብዚ ሕማም ዝተልክፈ ሰብ ብቐጻሊ ርክብ ዘለዎም ሰባት, ንኣብነት ብሰንኪ
ሰራሖም ወይ እውን ብሰንኪ መንብሮም.

## › ብTB ተልኪፍካ ወይስ ሓሚምካ? ምልካፍን ምሕማምን ኣብ ምንታይ ይፈላሊ?



እቲ ባክተርያ (BK) ኣብ ሳንቡእና እንድሓር ኣተወ, መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣካልና ናይ ምኽልኻል ስርዓትና ነቲ ባክተርያ ይቀትሉ.

እቲ ባክተርያ ከይጠፍአ ኣብ ኣካልና እንተጸንሐ ግን, መብዛሕትኡ ግዜ 'ደቂሱ' ስለዝጸንሕ ሓደገኛ ኣይኮነን. ኣብዚ ደረጃ ኣይሓመምካን እምበርተልኪፍካ ኣለኻ ጥራሕ.

ናይ ምኽልኻል ስርዓትና ጽቡቅ እንተዘይሰርሐ ግን (ብስንኪ ዕድመና ወይ ብስንኪ ድኻም ኣካልና ንኣብነት) ኣብ ዝኾነ ግዜ እዚ ባክተርያ ተበራቢሩን ተበዛዚሑን ሕማም TB ክንተሓዝ ንኽእል. ኣብዚ ደረጃ ምልካፍ ጥራሕ ዘይኮነ ሓማም TB እዩ.

ኣብዚ እዋን እቲ ሕማም ኣብ ሳንቡእና እንተሃለና እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ክንርኢ ንኽእል:

. ሰዓል
. ዓኽታ ኣብ ሰዓልካ (ሓደ ሓደ ግዜ ደም ዘለዎ)
. ድኻም
. ረስኒ
. ረሃጽ ኣብ ለይቲ እዋን
. ምጉዳል ክብደት/ሚዛን

ከምኡ ዓይነት ምልክታት እንተሃለካ ቀልጢፍካ ናብ ሕክምና ክትከይድ ኣለካ!


ሰዓል


ዓኽታ ኣብ ሰዓልካ


ድኻም


ረስኒ


ለይቲ ለይቲ ረሃጽ


ምጉዳል ክብደት/ ሚዛን

## › ምስ TB ዝሓመመ ሰብ ርክብ እንተነበረካ ብኸመይ ንስኻ ብTB ከምተልክፍካ ነረጋግጽ?

'ቱበርኩሊን' ዝተብሃለ መርፍእ ብምውጋዕ በቲ ባክተርያ (BK) ተለኪፍካ ከምዘለካ ምፍላጥ ይከኣል እዩ. ድሕሪ ሰለስተ ወይ ሓሙሽተ መዓላቲ በቲ ውጽኢት መርመራ መሰረት ከኣ ምፍላጥ ይካኣል. እዚ መርመራ ከኣ 'ናይ ቱበርኩሊን ቆርበታዊ መርመራ' ተባሂሉ ይፍለጥ, ወይ ውን (ብናይ ቀደም ኣጸዋውዑ) 'ትሕተ-ቆርበታዊ መርመራ' ወይ 'ናይ Mantoux መርመራ' ተባሂሉ ይፍለጥ. እቲ ውጽኢት ከኣ ብክኢላታት ሓካይም ጥራሕ እዩ ክግለጽ ይኽእል.ኽውን ስለዝኽእል.

እቲ ውጽኢት ናይቲ መርመራ፣ ኣወንታዊ ምስ ዝኸውን፣ ራጂ ናይ ሳናቡእና ክንገብር ኣሎና። እቲ ውጽኢት ንቡር ምስ ዝኸውን፣ እቲ ሕማም ኣብ ዘገምታዊ ደረጃ ከም ዘሎ የመልክት። ግቡእ ሕክምና ንምውሳድን ቢከይ ኣብ ጥፍጣፍና ከይህሉ ተወሳኪ መርመራ ፣ናይ ጥፍጣፍ መርመራ ክእዘዘልና ይክእል እዮ።